Da'aro YouTh ProjecT

# ዓመታዊ ጸብጻብ መንእሰያት ዳዕሮ

2021

2022



# ሰሌዳ ትሕዝቶ ጽሑፍ


03 መልእኽቲ ካብ ደሃብ

04 ናይ 2021 – 2022 ውጽኢታትና

06 ዳዕሮ ድርጅት መንእሰይ

07 እንጀራ ክለብ

10 ንመንእሰያት ዝወሃብ ሓገዝ ምኽሪ/ኣገልግሎት

13 ፋሕ ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ስድራቤት ብትእኽኻብ

14 ፖሊሲ’ን ጐስጓስን

16 ጒጅለ ዳዕሮ መንእሰይ

17 ፊናንስያዊ ሓፈሻዊ መግለጺ

19 ቃለ-ምስጋና

20 ኣካየድቲ ኣካል ቦርድ (Trustees)

# መልእኽቲ ካብ ደሃብ

ፕሮጀክት መንእሰያት ዳዕሮ ኣብ ዝሓለፈ 4 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ብዙሓት መንእሰያት ዘሕደሮ ዓብይ ጽልዋ ምርኣይ ትሕትና ዘልብስን ህይወት ዝቕይርን ተመክሮ ኢዩ።

ፕሮጀክት መንእሰያት ዳዕሮ ብሳ'ላ ሓገዝ ኵሎም እቶም ብዘይምሕላል ወፈያ ዝለገሱን፡ ከምኡ ድማ ንተፈላጥነት (ፕሮፋይል) ናይዛ ግብረ- ሰናይ (ቻሪቲ) ንምስሳን ይኹን ኣርሒቕካ ንዝዕመም ንጥፈታት ከነስፍሕን ዝሓገዙና ወለንታውያንን፡ ሰራሕተኛታትን ካብ ብርታዔ ናብ ብርታዔ እናሰጐመ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ኣብ ፕሮጀክት ዳዕሮ ካብ ዝጀመርኩሉ ጊዜ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ሪእየ። ንምስላኤ ፣ ብሓገዝ ዳዕሮ ሓደ መንእሰይ ን 8 ዓመት ምስ ወላዲቱ ተፈላልዩ ዝነበረ እንደገና ክራኽባ ከሎ ፥ ካልእ መንእሰይ ድማ ድሕሪ 7 ዓመት ምስ ሓዉ ክራኸብ እንከሎ ምርኣይ ኣዝዩ ዘዕግብ ኣጋጣሚ እዩ።

ኣብዛ  ተደንቕ ፕሮጀክትታ ዳዕሮ ተሳታፊት ክኸውን ምኽኣለይ ክብርን ሓበንን ምሉእ ዕግበት እዩ ዝህበኒ  ።

እዚ ትካል ግብረ - ሰናይ እዚ መመሊሱ እንዳሰሰነ ንክኸይድን ናይ ርሑቕ ቦታ ዕማማቱ ክዛይድን ሃንቀውታይን ሰናይ ትምኒተይን ኢዩ።



## ደሃብ ወልዱ
መስራቲትን ኣካያዲት ስራሕን

# ናይ 2021-22 ውጽኢታትና

ኣብ ፊናንስያዊ ዓመት 1 ሚያዝያ 2021 - 31 መጋቢት 2022 ዝጨበጥናዮ ዓወታት ጠመተ ብሓጺሩ፡-

250 መንእሰያት ኣኣንጊድና

1200+ ውዑይ መግቢ ድራድ መግብና

ን 81 ሓድሽቲ ጉዳያት ሓጊዝና

14 ኣብ ዜናታትን መራኸቢ ብዙሓንን እተገብረ ኣበርክቶ


Food Allergy?
Ask before you eat...



# ዳዕሮ ንመንእሰይ

**ፕሮጀክት መንእሰያት ዳዕሮ፡** ብዙሓት ኤርትራውያን መንእሰያት ርእሰ - ቅትለት ድሕሪ ምፍጻሞም ብኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ለንደን ብ2018 እዩ ተመስሪቱ።

ብ 2017፡ 2018 ከምኡ እውን 2019 ብዘይ መሰነይታ ንበይኖም ናብ ሃገረ እንግሊዝ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን እቲ ዝዓበየ ጉጅለ ዜጋታት እዮም ነይሮም። ብ2020 ናብ ሃገረ እንግሊዝ  ዝመጹ ዝበዝሑ ጉጅለ ትሕቲ ዕድመ ሱዳናውያን ዜጋታት ነይሮም። ሓተቲ ዑቕባ ቈልዑን መንእሰያትን ሕማቕ ተመክሮ ዜሰንብድ ኣብ ምድረ-በዳ ሰሃራ ብሊብያ ብባሕሪ መዲተራኒያን ከምኡውን ኣብ ከም ካሌ (Calais) ዝኣመሰለ ዶባት ኣውሮጳ ድሕሪ ምስጋሮም እዮም ናብዚ ሃገረ እንግሊዝ ዝመጹ። መንእሰያት ሓንሳእ ናብዚ ቦታ እዚ ምስ መጹ ዝበዝሕ ግዜ ኑቲ ካብ ስድራቤቶም ተፈላልዮም ኣብ ሓድሽ ህይወት ምልማድ የጸግሞም እዩ ። ኣብቲ እተሓላለኸ ስርዓተ ዕቑባ ምሕታት ምእታው ከኣ ውጥረትን ሕማቕ ተመክሮን ዘሰምብድን ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ማሕበራዊ ጕዳያት ተነጺሎም ይነብሩ። ሌላን ጒሌላን ይወርዶም። ሓድሓደ ግዜ እውን ተጻብኦ ጽልኢ የጋጥሞም እዩ።

እዞም ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዚነብሩ ስደተኛታት መንእሰያት ብቐጥታዊ ደገፍ ሃለዋቶም ኣብ ጸገም ካብ ዘእትዎም ዘይፍትሓውን ሌላን ጒሌላን ዘለዎ ስርዓታት ኣብ ሕይወቶም ለውጢ ክግበረሎም ጥዑያትን ሕጉሳታን ምእንቲ ክኾኑ ኣብ ምጉስጓስ ዝዓለመ እዩ ተጣባቕነትና።

ነዚ ሽቶ እዚ ንምውቃዕ ኣብዚ እዋን እዚ ነቶም ዕቑባ ሓተትቲ መንእሰያትን ስደተኛታትን ዝኸውን ክልተ ፕሮጀክትታት ነካይድ ኣሎና። እሳቶም ከኣ ሰሙናዊ ክላብ መንእሰያትን፡ ደገፍ ናይ ጕዳያዊ ዕዮን እዮም። እዞም ክልተ ንጥፈታት ድማ ኣብ ለንደን ንዝርከቡ ማሕበረሰብ ኤርትራ ዘሳተፉ እዮም። ከምኡውን ኣብ ክንዲ ማሕበረሰብና፡ ኣብ ዝኾነ ንዓኣቶም ዚትንከፉ ጕዳያት ብምጕያይ እውን ንጣበቕ ኢና። ኣትኵሮና ብፍላይ ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሃለዋት ናይ’ቶም መሰነይታ/ኣላዪ ዘይብሎም መንእሰያት ዘተኰረ እዩ።

# ኢንጀራ ክላብ

ኣብ ደቡብ ለንደን ካብ 14-ክሳብ-21 ዓመት ዝዕድሚኦም መሰነይታ/ኣላዪ ዘይብሎም ሓተቲ ዕቑባ ስደተኛታት ቈልዑ ከምኡውን ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝመጹ መንእሰያት ማለት ካብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሶማልያ (ከምኡ'ውን ኣዕሩኾም) ሰሙናዊ ክላብ መንእሰያት ነካይድ ኢና። ኣብ እንጀራ ክላብ መንእሰያት ምስ ካልኦት ብምትሕውዋስ፡ ጸወታት (games)፡ ፑልን (ዓይነት ጸወታ ቢልያርዶ) ተኒስ ጣውላን፡ ኵዕሶ እግሪ ይጻወቱን እዮም፤ ከምኡውን ኣብ ገዛ ዝተሰርሔ/እተሸሸነ ባህላዊ ምግቢ እንጀራን መግቢ ይወሃቦም ። ኣብ ክሊብ እንጀራ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ዕለተ-ልደታትን (birthdays) ከምኡውን በዓላት (ከም ናይ ኤርትራውያን በዓል ልደት) ንምብዓል ተወሳኺ ፍሉይ ፓርቲ/ድግሳት ንገብር ኢና።

እንጀራ ክለብ - መንእሰያት ምስ ባህሎምን፡ ምግቦምን፡ ብቛንቋኦም ምስ ካልኦት ከምኣቶም መንእሰያት ዝራሐቡሉን ዚኽእሉሉ ማሕበራዊ ባይታ እዩ። ትምኒት/ሓሳብ ናይ እንጀራ ፡ ማሕበረ-ኮማዊ ህንጻትን፡ ምሕየሻ ሃለዋትን፡ ከምኡ ድማ ዓቕሚ ተጻዋርነት ምሕያል ናይቶም ተሳተፍቲ መንእሰያት እዩ።

| | |
|---|---|
| ኣብ እንጀራ ክላብ ዝተሳተፉ ብዝሒ መንእሰያት ተካፍለቲ | 250 መንእሰያት |
| ብዝሒ ተኻፈልቲ /ዝተቀረበ ውዑይ ምግቢ ይቐርብ | 1218 ተሳተፍትን ተሳተፍትን ውዑይ ምግብን ተቐሪብሎም። |
| ኣብተን ናይ መወዳእታ ናይ 6 ፊናንስያዊ ኣዋርሕ ኣብ ሰሙን ሰሙን ገምጋም ተሳተፍቲ | 38 መንእሰያት |


እንጀራ ክለብ ብኮቪ ድ-19 ምኽንያት ብሃገራውዊ ውሸባ ግዜ ዕጽው ነይሩ። ድሕሪኡ ኣብ ግንቦት

2021 ከም ብሓድሽ ከፊትና።

ከም ብሓድሽ ካብ ዚኸፈት ንደሓእ ቍጽሪ እቶም ኣብ ሰሰሙን ኣብ ክላብ እንጀራ ዚእከቡ መንእሰያት በብወርሑ በብቐጻሊ ኪውስኽ ከሎ ርኢና ኢና።

# ሰሙናዊ ገምጋም ቍጽሪ ኣብ ክላብ እንጀራ ዝመጹ 2021-22

ኣብ ሰሰሙን ብገምጋም ክንደይ መንእሰያት ኣብ ክላብ ኢንጀራ ክንደይ ተሳቲፎም?




መንእሰያት ኣብ እንጀራ ክላብ ምስ ኣዕሩኽቶም ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ኸምኡ’ውን ምስቶም ካብ ማሕበረሰቦም ዝመጹ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ምሕዋስ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ርእይቶ ሂቦም እዮም። ሓደ ካብ እቶም መንእሰይ ከም ዝበሎ "እንጀራ ክላብ ክመጽእ ከለኹ  ምስ ኣደይ ድራር ዝበልዕ ዘለኹ ኾይኑ እዩ ዝስምዓኒ" እብል።





# ኣገልግሎት ምስላጥ ጉዳያት መንእሰያት

ኣገልግሎት ጉዳይ ዕዮ መንእሰያትና ኣብ ወርሒ ሓምለ 2021 ተመስሪቱ። ኣገልግሎት ጉዳይ ዕዮ መንእሰያትና በሰላ ማለት ናይ ስንባደ ሕማቅ ተመክሮ ሓበረታ ዘለዎ ምሉእ ብምሉእ ኩለንታዊ ኮይኑ ንማሕበረሰብና ዘድሊ ነገራት ምላሽ ዝህብ ኢዩ። ኣብ ሰሙናዊ ክላብ መንእሰያትና መዓልቲ ዚእከቡ መንእሰያት፡ ብዛዕባ ጉዳዮም ናብ ናይ ጉዳይ ዕዮ ሰራሕተኛን ኪቐርቡ ይኽእሉ እዮም። ካብኡ ንደሓር ኣብ ውሽጢ ጉጅለና ከከም ቀዳምነታቶም ይስርዑ። ብኡ መሰረት ድማ ምስቲ ምዱብ በዓል ጉዳይ ሰራሕተኛ ገጽ ንገጽ ኣብ ዚግበር ኣኼባ ክካፈሉ ይዕደሙ።

ካብ 2018 እንምስረት ንደሓር ብድምር ነቶም ካብ 1 ብሳብ 14 ክሳብ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም 78 መንእሰያት ‌|–ን –|
በብግሊ እንዳ-ኣዘራረብና ሓጊዝና ኣሎና። ገለ ካብዚኣቶም ከኣ ጥብቅና፥ ምኽሪ፥ ስምዒታዊ ደገፍ፥ ከምኡውን ናብ ናይ ሕጊ ሞያውያንን ካልኦት ሳልሳዊ-ኣካል ትካላትን ንኽመሓላለፉ ሓጊዝና።

ንሕና ካብ ዝሓገዝናዮም መንእሰያት፡ ኣብ ናይ 138 ጸገማት ሰሪሕና ኣሉና። (ወይ ጉዳያት ኢልና ክንሰምዮም ንኽእል ኢና) – እሳቶም ድማ ጉዳያት ስደተኛታትን፥ ዕቑባን፥ ምጉት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን፥ ኰንታት መንበሪ ኣባይትን፡ ግዳም ሓደር (ቤት-ኣልባ) ምኳንን፡ ኣካላዊ ይኹን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን፡ ጉዳይ ስድራ ቤታዊ ምትእኽኻብን፡ ካልእ ተመሳሳሊ ነገራትን ኪጥቀስ ይከኣል። ካብዚ ቑጽሪ እዚ፡ ኣብ 2021- 22 ቀኣጠባዊ ዓመት ናይ 81 ጉዳያት ክንዓዪ ጀመርና።

ብሳ'ላ እቲ ምስ ትካላት ዘሎና ምትእስሳር ንመብዛሕትኦም እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ናብ ደገፍ ዝረኽቡሎም፡ ክኢላታት ሕግን፡ ሳልሳይ-ኣካል ትካልን ከነምሓላልፎም ክኢልና ኢና - እዚ ማለት ድማ ክንዮ ሕጋዊ ኣገባባት ተመጣጢረን ዘሰላስላ ናይ ሕጊ ትካላት፡ ኣብ ናይ ስድራቤት ተፈላልዮም ዝነበሩ ስድራቤት ምጥርናፍ፣  እተሓላለኽ ጉዳያት ስደተኛታትን፡ ናይ ማሕበረሰባዊ ክንክን ሕጋዊ ትካላትን፡ ትካላት ግዳም-ሓደርን፡ ናይ ምኽርን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ዝድግፉ ትካላትን፡ ምዕዶን ትምህርትን ዘበርክታ ትካላትን፡ ከምኡውን ካልእ ብዙሕ ነገራት ዘጠቓልል ኢዩ። ምስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ኢና እንዓዪ ንመንእሰያት ድምጾም ኣብ ዘይስምዓሉ እዋን ከኣ ንጣበቐሎም ኢና።

ካብ 138 ጉዳያት 90 ጉዳያት ተፈቲሑን ተዓጽዩን ኢዩ፥ 48 ጉዳያት ከኣ ክሳዕ ሕጂ ቀጻሊ ኮይኑ ኣብዚ እዋን እዚ እውን ኣብ መስርሕ ኮይኑ ይስራሕ ኣሎ።

ማሕበርና ብ2018 ካብ እትምስረት ነዚ ዝስዕብ ደገፍ ሂባ -

| ቁጽሪ. | ጉዳይ | ዝቀረበ ደገፍ |
| --- | --- | --- |
| 11 መንእሰያት | ምስ ገበናዊ ጉዳይ ዚተሓሓዝ ዕማም ተኸታቲልና። | ናይ ሕጋዊ ክኢላታት ደገፍ ንምርካብን፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽርከቡ ዝተገብረ ደገፍን። |
| 31 መንእሰያት | ምስ ጉዳይ ኣባይቲ ወይ ገዛ-ኣልቦነት ዚትሓሓዝ ተኸታቲልና | ተሓላነትን መወከሲታትን ምኽራዊ ኣገልግሎትን ተገይሩሎም። |
| 20 መንእሰያት | ኣእምሮኣውን ኣካላውን ክንክን ጥዕና ንምርካብ ዝተጸገሙ | ድምጾም ከም ዚስማዕን ደገፍ ከም ዚረኽቡን ንናይ ምትሕልላፍን ደገፍ ተገይሩሎም። |
| 10 መንእሰያት | ብዛዕባ ዕድመኦም ዘይተኣመነሎም | ኣብ ናይ ቁልዑ ኣገልግሎትን፡ ሕጋውን፡ ብወኸሰ ምትሕልላፍን፡ ከምኡውን ካልእ ምኽርታትን ደገፋትን ምብርካት። |
| 15 መንእሰያት | ምስ ኢሚግረሽ ወይ ምስ ዕቑባ ዚተሓሓዝ ጉዳይ | ናብ ናይ ሕጋውያን ሞያተኛታት ብወኸሰ ምትሕልላፍን ኣድላዪ ምኽርታት ምሃብን። |
| 10 መንእሰያት | ምክርኻር ምስ ናይ ቈልዑ ኣገልግሎታት | ሪፈራል ብምግባር ናብ... ስፔሻሊስት ሕጋዊ ደገፍ ከምኡ'ውን ድምጺ ናይ... ስድራቤት ይስማዕ። |
| 5 ስድራ ቤታት | ድሕሪ ሞት ዜፍቅርዎ ሰብ ኣብ'ቲ መስርሕ ናይ ምጽራይ መርመራ ምትሕብባር | ናብ ሞያውያን ክኢላታት ሪፈራል ብምግባር ድምጺ ስድራቤታት ንኽስማዕ ውሑስ ምግባሩ። |


KNIGHTS
YOUTH
CENTRE
Social Distancing
Measures in Place
2m
Fire door
keep shut
TESCO



# ዳግመ ምትእክካብ(ፋሚሊ ሪዩኒዮን) ስድራቤት

ፕሮጀክት መንእሰያት ዳዕሮ፡ ብሳ'ላ ምኩራት ጉዳያዊ-ሰራሕተኛታትናን (caseworkers)፡ ብዘጥረናዮ ጥቡቕ ዝምድና ምስ ሕጋውያን ማሕበራትን፡ ኣብ ምድጋፍ ዝተሓላለኸ ናይ ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ መስርሕ ፍሉይ ሞያዊ ክእለት ኣለዎ። ማሕበርና ን21 መንእሰያት ነቲ 'ካብ ሕጊ ወጻኢ' ናይ ስድራቤት ዳግመ ምትእኽኻብ ኣመልኪቱ ዝቐረበ ሕልኽልኽ ዝበለ ሕጋዊ መስርሕ ንኽጅምሩ ደጊፍዎም ኢዩ። ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ ምምጻእን 3 ንበይኖም ዝነበሩ ቈልዑ ምስ ኣሕዋቶም/ኣሓቶም ኣብ ምጽንባር ተዓዊትና ኢና። ከምኡውን ምዕባዩ ንሓደ ዓዊሩ ዝነበረ ሰብኣይን፡ ሓንቲ ወላዲት ድማ ምስ ውላዳን ተኣኻኺቦም ኣለዉ። ናይ ስድራቤታት ምትእኽኻብ ጉዳይ ንነፍሲ ወከፎም እቶምም ኣብ ብሪጣንያ ተነጺሎም ክነብሩ ዝጸንሑ ሰባት ዓሚቑን ነባርን ጽልዋ ኣሕዲሩ ኢዩ። ንኣብነት ኣሩን* (ስም ተቐይሩ) ካብ 2019 ናይ ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ ክንሰርሓሉ ዝጀሚርና እዩ። ነዚ መንእሰይ እዚ ምስ ጠበቓኡ ኣብ ቈጸርኡ ንኽርከብ ንድግፎ። ድምጹ ከም ዚስማዕ ንገብር። ግስጋሰ ናይ ጉዳዩ ድማ ንከታተሎ ኔርና። ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office) ነቲ ምልክታኡ ምስ ነጸጎ ነቶም ጠበቓታት ናይዚ መንእሰይ ኣብ ይግባይ ክድግፎ ዝኽእል ተወሳኺ መርትዖታት ሂብናዮም። ኣደ ኣሩን ድማ ብ2022 ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ሂትሮው (Heathrow airport) መጺኣ። ን 8 ዓመት ተፈላሊዮም ድሕሪ ምጽናሕ እንደገና ተራኺኺቦም ሕጂ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ለንደን ብሓባር ይነብሩ ኣለዉ።



# ፖሊሲታትን (ሕግታት) ጎስጓሳትን

ብዘይ መሰነይታ ንዝመጽኡ ሓተትቲ ዑቕባ መንእሰያት፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ከዘሕድረሎም ብዛዕባ ዝኽእሉ ጉዳያት ጐስጓስ ንገብር ኣሎና፤ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ መሰላት ሓተቲ ዑቕባ ንኽይብሕጐጉን፡ ድሕንነቶም ተሓልዩሎም ሰላማውን ርጉእ ናብራን ንኽህሉዎም ኢና ንቃለሰሎም።

**01**

## ደብዳቤ

ኣብ ወርሒ ሓምለ 2021 ብ 46 ካልኦት ውድባት ተደጊፍና ናብ መንግስቲ ደብዳብ ጽሒፍና። እሱ ድማ ገለ ካብ መንእሰያት ስደተኛታት ርእሰ - ቕትለት እፍጽሙ ምህላዎም ዘጠንቅቕ እዩ ኔሩ።

**02**

## ድምጺ ናብ መራኸቢ ብዙሓን

ኣብ ሕትመት ጋዜጣን መራኸቢ ብዙሓንን (ከም ዜና ቢቢሲ፡ ጋርድያን፡ ኢንዲፐንደንትን፡ ፋይናንሻል ታይምስን ዘካተተ) ብዛዕባ ዚትንክፎምን ጽልዋ ዘሕድረሎም ጸገማት ድምጺ ሂብና።

**03**

## ናይ ትካላት ትሕብብራዊ ስራሕ

ንረፉጂ ማይግራንት ቺልድረንስ ኮንሰርትዩም፡ ንስለ'ቲ ብንጥፈት ከም መሪሕ ኲይኖም ብዛዕባ ሕቶ ጥዕና ኣእምሮ ዝኽተሉዎ ፖሊሲ ንድግፎም ኢና።

**04**

## ባይቶኣዊ/ፓርላማዊ ስራሕ

ኣብ ባይቶ ጉዳያት ንምልዓል ምስ ባይቶኣውያን ሰሪሕና ኢና፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ቅዋም ዶባት (Borders Bill). ዝምልከትን፡ ጸረ ናይቲ ክቕየር ዝተሓስበሉ ኣገባብ መስርሕ ናይ ዕድመ ምግምጋምን።



# ስደተኛታት

## ኣሌክስን፡ ፊልሞንን፡ ሙሉን፡ ዑስማንን ኣብ ብሪጣንያ ድሕነት ከምዘሎዎም ይሓስቡ ኔሮ። ስለምንታይ ደኣ እዞም የዕሩኽ መንእሰያት ባዕሎም ህይወቶም ኣጥፊኦም።

**ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ካብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ሃዲሞም ዝገበሩዎ ጉዕዞታት፡ እቶም ኣርባዕተ ኣወዳት ብሰላም ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ኣትዮም። እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ 16 ኣዋርሕ ኩሎም ሞይቶም። እንታይ እዩ እቲ ገጋ?**






Clockwise from left: Alexander Tekle, Osman Ahmed Nur, Mulubrhane Medhane Kfleyosus and Filmon Yemane. Composite: Guardian Design; Courtesy of Benny Hunter

ንእተወሰነ እዋን እቶም ኣርባዕተ መንእሰያት ኣወዳት ኣሌክስ፡ ፊልሞን፡ ዑስማንን ሙሉን፡ ንሓድሕዶም ኣብ ምሕብሓብ ርትዓዊ ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሖም ኢዮም። ፊልሞንን ሙሉን ነቲ ነዊሕን ሓደገኛን ጉዕዞ ናብ ብሪጣንያ ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ ኤርትራ ተራኺቦም ነይሮም፤ እቶም ካልኦት ድማ ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ ለንደን፡ ኣብ ጥቓ ማእከል ምዝገባ ሆም ኦፊስ ኩባንያ ህጻናት ስደተኛታት ኣዕሩኽ ኮይኖም። ተመሳሳሊ ድሕረ ባይታታት ኣሎ፡ ከምኡ'ውን ድሕነም ንምድላይ 3300 ማይልስ ናይ ምጉዓዝ ሓባራዊ ተመክሮ ገጢምዎም ኢዩ።




**ናይዞም ዕቑባ ሓተትቲ መንእሰያትን ስደተኛታትን ኣብ ዘ ጋርድያንን ኣብ ዜና ቢቢሲን ድምጺ ሂብናሎም ኢና።**

### ብሓተቲ ዑቕባ ዝፍጸም ነብሰ ቅትለት ተቃሊዑ  ዘሎ ሃገራዊ ዜሕዝን ፍጻሜ ድዩ?

11 October 2021




2020  ሄኖክ ዛይድ ገብረስላሴ ኣብ ግንቦት 2020 ናብ ኮቨንትሪ ኣትዩ።

ሄኖክ ዛይድ ገብረስላሴ ብንእስነቱ ካብ ትውልድ ዓዱ ኤርትራ ሃዲሙ ንዓመታት ከም ስደተኛ ድሕሪ ም኿ን፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ባዕሉ ህይወት ክመርሕ ተስፋ ገይሩ ነይሩ። ወዲ 23 ዓመት ኮይኑ፡ ኣብ ትካል ጥዕና ኣእምሮ ሞይቱ ተረኺቡ። ሞቱ ሓደ ካብቶም ኣብ መንእሰያት ሓተትቲ ዑቕባ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ፡ ሓደ ትካል ግብረ ሰናይ፡ ፍንጫል/ ናይቲ ዝዓበየ ኲውንነት ወይ ካብ ውቕያኖስ ብጭልፋ (tip of he iceberg) ጥራይ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ። ኮቨንትሪ ዌስት ሚድላንድስ፡ ከምኡ'ውን ሓሳባቱ ንህይወቱ ከም ዝወሰደ። ሞቱ ሓደ ካብቶም ኣብ መንእሰያት ሓተትቲ ዑቕባ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ፡ ሓደ ትካል ግብረ ሰናይ "ጫፍ ናይቲ በረድ" ጥራይ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

# መንእሰይ ጕጅለ ዳዕሮ

ብ2021/22 እታ ጕጅለና ካብ ክልተ ሰራሕተኛታት ናብ ኣርባዕተ ሰራሕተኛታት ሰሲና። ሳራ ኣኽበረት ሮብሰንን፥ ኢብቲሳም ኣደምን፥ ኣብቲ ሓድሽ ኣገልግሎት መንእሰያት ኮይኖም ንክልተ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ሓንጐፋይ ኢልና ተቐቢልና። ናይ ከፊል-ሰዓታት ሰራሕተኛታት ብምዃን ን  ቤኒ ሃንተር ኣተሓባባሪ ፕሮጀክትን ንደሃብ ወልዱ ኣካያዲት ስራሕን ተወሲኾሞም።

ነቶም ዜደንቑ ወለንታውያን ስለ ኩሉ እቲ ትዕግስቶምን ጻዕሮምን ወትሩ ነመስግን። እዚ ድማ ነቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓገዙና ወለንተኛ ሰርስሕተኛታት ከም ሚካል፡ ኤደን፡ ኣዶናይ፡ ኣሮን፡ ደስታ፡ ጆርዲየ፡ ጀሲካ፡ ምሕረት ስምኦን፡ ዮሃና፡ ዮዳኖስን፡ ዮርሳሌምን – ከምኡ'ውን ምኡዝ ዝኾነ መግቢ ኣብ ምድላው ኣብ ክሽነ ብንጥፈት ዝተሓባበረትና ፍረወይኒ ብዝለዓለ ደረጃ ኢና ነመስግንኖም።


ነቶም ንእንጀራ ከላብ ዕዉት ንምግባር ምግቢ ወይ ካልእ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ዝሓገዙ ኣባላት ማሕበርሰብና ኣዚና ኢና ነመስግኖም።

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ሸውዓተ ሓደስቲ ናይ ሓደራ-ቦርድ (trustees) ኣባላት ሓንጐፋይ ኢልና ተቐቢልና። ብድምር ድማ ትሽዓተ ናይ ሓደራ-ቦርድ ኣባላት ኬንና ኣሎና።



# ሓፈሻዊ ፋናንስያዊ ወይ ገንዘባዊ መግለጺ

## ብ2021-22 ዘውጻእናዮ ገንዘብ




ኣብታ 31 መጋቢት 2022 እተዛዘመት ዓመት ካብ ልግሳዊ ረድኤትን ወግዓዊ ሓገዝን ዝረኸብዮ ጠቕላላ ኣታዊ £102,943 ኔሩ።

ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረ ወጻኢታት ድማ £114,340 እዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ቐጠባዊ ዓመት ዝተዓቀበ ገንዘብ £49,178 እዩ። £21,715 ካብዚ ዘይቅዩድ ዝተዓቀበን፡ £27,463 ድማ ካብ 3 መወልቲ ዝተዋህበ ቅዩድ ዝተዓቀበ ኢዩ።

## ፖሊሲታት ምዕቃብ (Reserves Policy)

ኣብዚ እዋን እዚ ዲ.ዋይ.ፒ (DYP) ንጥፈታቱ ዘላቕነት ምእንቲ ክህልዎ ኣብ ደገፋዊ ምጠዋ ካብ ማዕከን ገንዘብ እዩ ምርኮሳኡ። ከምዚ ማለት ድማ ናይ ወግዓዊ ሓገዝ ሕጽረት እንተ ኣጋጢሙዎ DYP ኣገልግሎታቱ ክዓጹ ይግደድ ማለት እዩ።

ናይ ገንዘብ ጸገም እንተድኣ ኣጋጢሙ፡ ዕጽዋ ኣገልግሎት ምእንቲ ከየጓንፍ፡ ነቲ ቐንዲ ስርሒታት ንኣስታት 3 ኣዋርሕ ከቐጽል ዝኸእል ዝተወሰነ መጠነ-ገንዘብ ንመሓልውታ ንኽትሓዝ ሓደራ-ቦርድ (trustees) ተሰማሚዖ ኣሎ።

ቀንዲ ስክፍታታት ናይ ሓደራ-ቦርድ ውሕስነት ናይዞም ዝሰዕብ ንምርግጋጽ እዩ፡

- ሰራሕተኛታት ስራሕ ክቕጽሉ ከምዝኽእሉ፣ ብቕንዱ ሓድሽ ምወላ ንምርግጋጽ።
- ዓማዊል ናብ ካልእ ኣገልግሎታት ንኽሰጋገሩ ንምድጋፍ

እቲ ዕቑር ገንዘብ ካብቲ ዘይተገደበ ኣታዊ ክምላእ እዩ።

# ምስጋና

ንኹሉኹም እቶም ካብ 2021 ክሳዕ 2022 ዝለገስኩምልናን ዝመወልኩምናን ምስጋናና ይብጻሕኩም። ነፍሲ ወከፍኩም እቶም ወፈያ ዘበርከትኩምን፡ ንመዋጸእቲ ገንዘብ ዝለገስኩምሎምን፡ ወርሓዊ ወፈይትን፡ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ንኽንዓብን ነቶም ብኣና ዝድገፉ መንእሰያት ብቐጻሊ ንኽንድግፎም ኣኽኢሉና እዩ።

እቶም ቀንዲ መወልትና ድማ ብዘይ ናታቶም ደገፍ ነዚ እንገብሮ ዘሎና ዕዮታት ከንነሰላል ኣይምኸኣልናን እሞ፡ ኣዚና ኢና ነመግኖም፤ ቹዝ ላቭ (Choose Love) ማንፒን ፋውንደሽን (Manpin Foundation)፡ ዱ ኢት ናው ናው (Do It Now Now) ከምኡ'ውን መዋሊ ሃገራዊ ማሕበረሰብ ሎተሪ (National Lottery Community Fund)።

# ሓደራ-ቦርድ (TRUSTEES)

ኣብ 2021/22 ኣብ ዝነበረ እዋን እዞም ዝስዕቡ ሰባት ሓደራ-ቦርድ ነይሮም


| | | |
|---|---|---|
| ጆን ኣብርሃ | | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጹ |
| ዮሓንስ ባህሩ | | ከም ትራስት ብዕለት 20 መስከረም 2021 ተመሪጹ |
| ኢለይን ቾይስ | (ጸሓፊት) | ከም ትራስት ብዕለት 28 መጋቢት 2020 ተመሪጻ |
| ፍጹም ካሕሳ | (ኣቦ መንበር) | ከም ትራስት ብዕለት 28 መጋቢት 2020 ተመሪጹ |
| ሓድጉ ክፍላይ | | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጹ |
| ብርሃነ ስመረ | | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጹ |
| ጴጥሮስ ተስፋይ | (ተሓዝ ገንዘብ) | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጹ |
| ያቆብ ወልደሂወት | | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጹ |
| ናርዶስ የማነ | | ከም ትራስት ብዕለት 8 ሚያዝያ 2021 ተመሪጻ |

# ቍጽጽር ን ኣመሓድራን

ፕሮጀክት መንእሰይ ዳዕሮ፡ ብግብረ-ሰናያዊ ማሕበር ዝተወደበ (ብማዝ) ኢዩ።

ምሕደራዊ ደኮመንትና፡  ብቅዋም ናይ ግብረ-ሰናያዊ ማሕበር ውድብ ዝተማእከለ ኮይኑ፡ ኣገባብ ኣደማምጻ (voting) ድማ ብናይ'ዚ ግብረ-ሰናይ ሓደራ-ቦርድ ዘይኮነስ ብኣባልቱ እዩ።

እንተ ወሓደ ሰለስተ ናይ ግብረ-ሰናይ ሓደራ-ቦርድ (trustees) ክህልዉ ኣለዎም። እቲ ቍጽሪ ካብዚ ዝተሓተ እንተ ዀይኑ እቲ ተረኺቡ ዘሎ ኣባል ወይ ተረኺቦም ዘለዉ ኣብላት ቦርድ፡ ዕድመ ኣኼባ ናይ ሓደራ-ቦርድ ወይ ድማ ሓደስቲ ናይ ግብረ-ሰናይ ሓደራ-ቦርድ ክመዝዝ ጥራይ እዩ ዝኽእል።  ዝለዓለ ቍጽሪ ናይ ሓደራ-ቦርድ 12 እዩ። ሓደራ-ቦርድ ናይ'ዚ ማሕበር - ግብረ-ሰናይ ንቍጽሪ ተመረጽቲ ካብ'ቲ ዝለዓለ መጠኑ - 12 ከዛይዶም ኣይግባእን እዩ። መብዛሕትኦም ኣባላት ሓደራ-ቦርድ ከኣ ኤርትራ ዝመበቆሎም ክኾኑ ኣለዎም።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመታዊ ጠቕላላ ኣኼባ ኣባላት ናይ ሲ.ኣይ. ኦ (CIO) ሓደ ሲሶ ናይ'ቶም ሓደራ-ቦርድ ናይቲ ግብረ-ሰናይ ካብ መዝነቶም ክወርዱ ይግባእ። ቑጽሪ ናይቶ'ም ሓደራ-ቦርድ ሰለስተ ወይ ብሰለስተ ዝራባሕ እንተዘይኮይኑ፡ እቶም ንሓደ ሲሶ ዝቀራረብ ቑጽሮም ካብ መዝነቶም ይወርዱ። እንተድኣ ሓደ ኣባል ቦርድ ጥራይ ተሪፉ ግን እሱ/እሳ ካብ መዝነቶም ይወርዱ። ኣብ እዋን ምቅይያር ካብ መዝነቶም ዝወርዱ ድማ እቶም ምስ ተሾሙ ወይ ዳግም ምስ ተሾሙ ዝነውሐ እዋን ዘገልገሉ ክኾኑ ይግባእ። እንተድኣ ዝሓጸረ እዋን ዘገልገለ (ኣብታ ናይ መጨረሻ ምርጫ ግን ኣብ ሓደ መዓልቲ ተመዚዞም ብድሕሪ ምጽንሖም ካብ መዝነቱ ክወርድ ዝደሊ እንተ ሃልዩ ግን ናይ ሕድሕዳዊ ስምምዕ ክገብሩ ይግባእ) ወይ ብዕጫ ይውሰን። እቲ ባዶ ቦታ ድማ ኣብ እዋን ዓመታዊ ጠቕላላ ኣኼባ ብውሳኔ ናይ ኣባልት ክምላእ ይኽእል።

እቶም ኣባላት ወይ ሓደራ-ቦርድ ናይ ግብረ - ሰናይ ኣብ ክንዲ እቲ ጡረታ ዝወጸ ወይ እተወገደ ወይ'ውን እቲ ቍጽሪ ካብቲ መጠኑ ክሳብ ዘይዛየደ ተወሳኺ ሓድሽ ናይ ግብረ-ሰናይ ኣባል ቦርድ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክሾሙ ይኽእሉ ኢዮም። ብሓደራ-ቦርድ ናይዚ ግብረ - ሰናይ ዝተሾመ ሰብ ድሕሪ እታ እተሸመላ ዕለት ኣብ ምዝዛም ዓመታዊ ጠቕላላ ኣኼባ ካብ መዝነቱ ይወርድ። ከምቲ ኣብታ ኣኼባ'ቲኣ ብእብረ (rotation) ዝግበር ልውውጥ ሓደራ-ቦርድ ናይ'ዚ ማሕበር ግብረ-ሰናይ ድማ ኣይቀኣጽርን።

ኵሎም ንጥፈታትና ነቲ ንህዝቢ ዝጠቅም ናይ ግብረ - ሰናይ ዕላማና ንምድንፋዕ ኢዩ ዝግበር። እቶም ሓደራ-ቦርድ ነቲ ኣብ ክፋል 4 ሕጊ ግብረ - ሰናይ 2006 ዝርከብ ናይ ኮሚሽን ግብረ - ሰናይ ንህዝባዊ ረብሓታት ዝብል መምርሒ ተኸቲሎም እዮም ዕማማቶም ዘከናውኑ።

ወግዓዊ ምርግጋጽ

ሓደራ-ቦርድ (trustees) ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጸብጻብ ከም ዘጽደቕዎ ብዕሊ የረጋጹ።

ኣብ ክንዲ ሓደራ-ቦርድ ናይ ግብረ-ሰናይ ክታም ተነቢርሉ

c/o Streatham Space Project, Sternhold Avenue, London, SW2 4PA

info@daaroyouth.org.uk

Charity No. 1189245